## ድኽመትን ውድቀትን መቓልስቲ የሕዝን'ምበር ኣየሐጉስን፡

ኣብ ዓውደ ፖለቲካ ብወሳኒ መልክዑ ክልተ ኣረኣእያ ከም ዘሎ ምሁራት ፖለቲካዊ ስነ-ፍልጠት የረድኡ። ክሳብ ምብትታን ሶቬት ሕብረት ነበር ማለት ምዝዛም መድረኽ ዙሕል ኲናት፡ ብሕብረት ሶቬት ነበር ዝምራሕ ማሕበርነታዊ ደምበን ብኣመሪካ ዝምራሕ ሃጸያዊ ደምበን ተባሂሉ፡ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ብውድን ብግድን ኣብ ክልቲኡ ደምበ ገዚዚዑ፡ ሓደ ነቲ ካልእ ስዒሩ ዓለማዊ ርእሰ ሓያል ንምኳኑ፡ ኣብ ሓያል ደርባዊ ፍሕፍሕ ዝኣተወሉ ኩነታት ነይሩ። ንዓለማዊ ርእሰ ሓያልነት ኣብ ምፍኽኻር ዝነበረት ሶቬት ሕብረት፡ ኣብ ውሽጣ ብዝተፈጥረ ናይ ኣረኣእያ ከላስነትን ግዳማዊ ተጽዕኖን ንተነሓናሒታ ኣመሪካ ኢዳ ሂባ ምስተሳዕረት ግን፡ መድረኽ ዝሑል ኲናት ኣኽቲሙ። ኣገላልጻ ናይ'ቲ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ ፍልል ድማ መልክዕ ቀይሩ። ኣብ ክንዲ ማሕበርነታዊ ጸጋማዊ ስነ-ሓሳብ፡ ኣብ ክንዲ ሃጸያዊ የማናዊ ስነ-ሓሳብ ብዝብል ጥራሕ ክግለጽ ጀሚሩ። ስለዚ ከኣ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገር ዝርከቡ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ከም'ዚ ኢና ኢሎም ነብሶም ዘላልይሉን መልክዕ ውዳበታቶም ብዘየገድስ፡ ኣብ'ዚ ጸገማውን የማናውን ስነ-ሓሳብ ከም ዝጥመር ይገልጹ። ከምኡ'ውን እቲ ጸገማዊ ፖለቲካ ስነ-ሓሳባዊ ኣረኣእያ ኣብ ማዕርነታዊ ደሞክራስያዊ ሓድነትን ሓባራዊ ተጠቃምነትን ከም ዝኣምን፡ ብኣንጻሩ እቲ የማናዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ንመሰልን ጠቕምን ብዙሓት ሰጊሩ፡ ኣብ ትሕትን ልዕልን መሬት ዝርከብ ጸጋታት ናይ ሃገራትን እቲ ዝኸበረ ሰብኣዊ ፍጡርን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምሕረት ውልቀ ሃብታማት ዝወድቀሉ፡ ብውሑዳት ዝዝወር ስርዓት ልዕልነት ዝሓዘሉ ፖለቲካ ክህሉ ዝኣምን ከም ዝኾነን'ውን እቶም ምሁራት ፖለቲካዊ ስነ-ፍልጠት ብመረዳእታ ኣደጊፎም ክከራኽሩ ይስምዑ።

ኣብ ደምበ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝርከባ ፖለቲካ ውድባት ኤርትራውን ብንቕሓትን ብኣፍልጦን ድዩ ተታሒዞ ዘሎ ወይስ ብሃውሪ ዝብል ንጎኒ ገዲፍና፡ ብመሰረታዊ ትሕዝቶኡ ካብ'ዚ ልዕል ክብል ዝተገልጸ ጸገማውን የማናው ስነ-ሓሳብ ወጻኢ ከምዘይኮነ ንምርዳእ ኣየጸግምን። ኣብ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ጸገማዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ብመነ መን ይውከልን ይግለጽን፣ ከምኡ'ውን የማናዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ብመነ መን ይውከልን ይግለጽን፡ ኣብ ወግዓዊ ፕሮግራማትን ግብራዊ ንጥፈታትን ናይ'ተን ውድባት ኮለል ኢሉ ዝረአ ስለ ዝኾነ፡ እከለ ከም'ዚ እከለ ድማ ከም'ዚ ዝብል መግለጺ ዘድልዮ ኣይመስለናን። ሓደ ግቡእ ኣገንዝቦ ከተሓዘሉ ዝግባእ ሓቂ ግን ኣሎ። ዘለናዮ ፖለቲካዊ መድረኽ ከም ጥሙር ህዝብን ልኡላዊት ሃገርን ናይ ምቕጻልን ዘይምቕጻልን ዝፍትን ኣብ ተሃዋሲ ኩነታት ምህላውና። ስለዚ ከኣ ኣሰላልፋ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ብቐንዱ ፈታውን ጸላእን ኣብ ዝብል ክልተ መሰረታዊ ደምበ ተኸፊሉ ምህላውን'ዩ። ደምበ ጸላኢ ብስማውን ጸረ-ህዝብን ሰልፊ፡ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ዝውከል ኮይኑ፡ ህዝብን ሃገርን ናይ ዘይምህላው ሓደጋ ከንጸላልዎም ዝገበረን ዛጊት'ውን ዝገብርን ዘሎ ንሱ'ዩ። ደምበ ፈታዊ ብኹሎም ኣንጻር መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ ንደሞክራስያዊ ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ብዝተወደበን ዘይተወደበን መልከዓት ኣብ ቃልሲ ዝርከቡ ፖለቲካዊ ውድባት፡ መሻርኽቲ ማሕበራትን ትካላትን ዝወከል ኮይኑ፡ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ከክንዲ ኣረኣእያኡ ዝዓደሎን ናይ ምትግባር ባህሉን ዝነጥፍ ዘሎ'ዩ።

ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ዓርዑት ውልቀ መላኺ ጉጅለ ወዲቑ ኣብ መንጎ ናይ ምህላውን ዘይምህላውን ኣሰካፊ ኩነታት ኣብ ዝወደቐሉ ኩነታት፡ ኣብ ውሽጢ ኣባል ደምበ ፈታዊ ዝኾነ ውድብ ድዩ ውድባት ወይ ግንባራት፡ ናይ ኣረኣእያ ድዩ ናይ ተግባር ዘይብቕዓት ዝጠንቁ ፍልልያት ተፈጢሩ ምድኻማትን ውድቀትን ኣብ ዝኸሰተሉ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ክንዲ ምስንባድን ምሕዛዝን ካብ'ዚ ተበጊስካ ብቕንዕናን ሓላፍነታዊ ስምዒትን ኣብ መንጎ ተሃላለኽቲ ወገናት ኣቲኻ፡ ርትዓዊ መተዓረቒ ፖለቲካዊ ሓሳባት ብምቕራብ ኣወንታዊ ተራ ትጻወት፡ ሰሚዕካዶ ኣብ እከለ ውድብ ዘጋጠመ፡ እከለን እከለ ዝተባህሉ ውድባት ዝኾንዎ፡ እቲ መን ኢኻ ትብሉ ግንባር ድማ ደኺሙ ኢሎሞ እናበልካ ከም ሓደ ዓቢ ዓወት ወሲድካ ብሓጎስ ምግላጽን ምጉህሃርን ናይ በሃልቱ ፖለቲካዊ ንድየት ወይ ባዶት ዝገልጽ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ደምበ ፈታዊ ካብ ዘለው ፖለቲካዊ ውድባት፣

ሰልፍታት፣ ሰቪክ ማሕበራት፣ ናይ ሚድያ ትካላት፣ ልሉይን ፍሉይን ግደ ዝጻወቱ ውልቀ-ዜጋታት፡ ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ምንቅስቓስ እንከለው እንተተዓንቂፎም፣ ብዝተፈላለየ መንቀሊታት ካብ'ቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ ንጥፈታት እንተ ኣጉዲሎም፡ እንተደኺሞም ኣብ መወዳእታ ከኣ ምብትታን ኣጋጢምዎም እንተወዲቖም፣ ከም ደምበ፡ ኣብ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘጋጠመ ዕንቅፋት፣ ጉድለት፣ ምድኻምን ውድቀትን ደኣምበር፡ ናይ ሓደ ወይ ክልተ ውድባትን ግንባራት ዕጫ ጥራሕ ገይርካ ምርኣይ፡ ክእረም ዘለዎ ፍጹም ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣተሓሳስባ'ዩ።

ካብ ዘይተወደበ ተቓውሞ ዋላ ብዝወሓደን ብዝደኸመን መልክዑ ዝተወደበ ተቓውሞ'ዩ ዝምረጽ። ስለምንታይ'ሲ ካብ ዘይተወደበ ዝተወደበ ስለዘድምዕን ዘስምዕን። ስለዚ ተወዲቡ ክንዲ ዝዓቕሙ ክሰርሕ ዝጸንሐ ሓይሊ፡ ክዳኸም ክበታተን እንከሎ፡ እቲ ደሓን ኣለኹ ዝብል ወገን ገለ ክፋሉ ከም ዝተጎድአ፡ በቲ ዝደኸመይ ወይ ዝወደቐ ወገኑ ተዓጽዩ ዝነበረ ናይ ቃልሲ ዕማማት ብምብኳሩ ንፋስ ይኣትዎ ከም ዘሎ ብቐንሓት ተገንዚቡ ክሓዝን ነቲ ጉዳይ ኣብ ምፍታሕ ዓቕሙ ጸንቂቑ ክረባረብ ይግባእ። እንተዘይኮነ ኣብ ደምበ ፈታዊ ተሰሊፍካ፡ ናይ ሓባር ጸላኢ ኣለና እናበልካን "ድሕነትን ህዝብን ሃገርን ቅድሚ ኩሉ" "ምልኪ ይፍረስ ሕጊ ይንገስ" እናጨራሕካን ብውድቀት ናይ'ቲ ኣብ ጎኒኻ ዘሎ መቓልስትኻ ምሕጓስን ነዚ ድማ ከም ኣብ ልዕሊ ቀዳማይ ጸላኢ ዝተመዝገበ ፍረ ሓርነታዊ ቃልስና ዝኾነ ድሙቕ ዓወት ቆጺርካ፡ ዘይሰማዕካ ዝማዕ እናበልካ ክትወፍረሉን ክትንስንሰሉን ናትካ'ውን ካብ ናይ'ቲ ዝደኸመ ወይ ዝወደቐ ዘይሓሸ ኩሉ ወዮ ዘብል'ዩ። ደምበ ፈታዊ ብድኽመትን ውድቀትን ደምበ ጸላኢ ክሕጎስ ክሕበን ንቡር'ዩ። ስለምንታይ'ሲ ከም ህዝብን ሃገርን ከይንህሉ ዝሰርሕ ዘሎ ቀዳማይ ጸላኢ ስለዝኾነ። ኣብ ደምበ ፈታዊ ኮይንካ ብድኽመትን ውድቀትን ናይ ሓደ ኣካልካ ምሕጓስ ግን ዘይብሱልን ዘይንቡርን ፖለቲካዊ ኣረኣእያ'ዩ። ምኽንያቱ'ሲ ድኽመትን ውድቀትን መቓልስቲ የሕዝን'ምበር ኣየሐጉስን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 12-12-2016